# ንፈትሽ ንመራመር ዘዋጽኣና
# ንሕሰብ ብኣሊፍ ከይጠፋእና

Tesfamariam W/giorgis
08/09/2017 Norway

ካብዚ ሕማቕ ዘመን ንምልቃቕ
ምእንተ ድሕነት ህዝብና ንተዓረቕ
ኣሕዋት ደቂ ሃገር ንምንታይ ንቛየቕ
ልብና ሓደ ኸሎ ብፍላጥ ኣይንጸይቕ

እንሆ ሃገርና ናብ ጸድፊ ኣንጠልጢላ
ትቑንዘላ ትሰሓል ስኣን ቁሊሕ ዝብላ
ኣብ ልብናባ ንመለስ ከይጸደፈት ከላ
ንስምረት ብሃንቆውታ እያ ትጽበ ዘላ

ወያኔኻ ገዲፍካ ኻልእ ወያኔ ምዉንጃል
ሕሙማት ማለትዮም ወይ ከኣ ዓናጅል
መራሕቶም ከየጻረዩ ናይ ካልእ መቦቆል
ሃገር ኣማዕቢሎማ ብጸርፊ ብምዝንጣል

ኣባላትን ደገፍቲ ህግደፍን ተበራበሩ
ሃገር ትጠፍእ ኣላ በጃኹም ተማኸሩ
መንነትና ከይንስእና ከምገለ ግበሩ
ብሕልና ምስ ህዝብኹም ተሓባበሩ
ጌጋኹም ኣርሙከቢርኩም ክትነብሩ

ይኣክል ንበሎ ብህዝብና ኣይንጻወት
ቁሩብዩ ተሪፉና ክንድምሰስ ክንጸንት
እናረአኹም ሃገር ተወሪሳ ብደምሒት
መተካእታ ሰነፋት ዝተዓደጉ ሰራዊት

ነዚ ተረጋም ብኸመይ ትድግፍዎ
ስልቲ እናተጻወተ ንኸይትርድእዎ
ብሓሶት ነፊሑ ሓንጎልኩም ሰርኒቑዎ
ሃየባ ዕጠቑሉ ሓቢርኩም ፎእ በልዎ

ታይ ትጽበዩ ካብዚ መከራዚ ንላዕሊ
ህዝብና ተገሚቱ ትሕቲ ኣድገ በቕሊ
እናሰማዕኩም ግዕዙይ ቃላቱ ብዕሊ
ተሳኢኑ ብድሆ ዝብል መስተውዓሊ

ኢደይ ኢድካ ንበል ብሓደ ሓቢርና
ደቂ ሓንቲ ሃገር ሓንቲ ማህጸን ኢና
ኤርትራ ካብ ንዕኡ ንዓና ትብጻሓና
ስልጣኑ ከናውሕ ህግደፍዩ ፈላሊዩና

ሎምስ ይኣክል ጸላእ ህዝብና ከይዕወት
ሰላምን ፍጠር ኩሉና ክንቀስን ብዕግበት
ካብና ብህግደፍ ንኺድ ኣብ ቤተ ጸሎት
ኣሕዋት ኢና ንቀራረብ ንሃገርና ድሕነት

ኩሉ ሓዚኑ በሕዋትና ባሐሪ ዝወሓጦም
ጠንቁ እንታይ ምኻኑ ትፈልጡኢኹም
ተረድኡ ሽግር ናይ ዉጹዓት ኣሕዋትኩም
ብሕልና ተበገሱ መርምሩዎ ኩነታትኩም

ሃገርና ዕቡድን ሰኽራማትን ዝመራሕታ
ንዕዘብ ኣለና ወግሐ ጸብሐ ውድቀታ
ህግደፍ ከለዉ ከምዘይወግሓ ንሕልፈታ
ተቓንዮም ከስጥሙዋዮም ትሕተ ባይታ

ብዕቡድ መራሒኦም ክንደይ ዘይሓፈሩ
ተጋጊኻ ከይብልዎ ፈሪሖም ከይሕየሩ
ኣሜን ኢሎሞ ተሸቑሪሮም ንኽነብሩ
ሓደ ጅግና ተሳኢኑ ዘቕንዕ ኣብ ግንባሩ

ወድ ሰብ ተገሪሁ ኣይነብርንዩ ንመዋእሉ
ሓንቲ መዓልቲ ኣላ ጸሓይና እትበርቀሉ
እንሆ ድሮ እዋኑ ኣኺሉ ጥርናፈ ተቓላቒሉ
ሰናይ ዘመን ይግበሮ ህዝቢ እፎይ ዝብለሉ

ኤረና ኩሑሎ ሎም ዘመን ሓዲኡሎ